# ጥዕና ምረጺ፣ ምጽዕዳው ቆርበት ኣወግዲ

## ቆርበትኪ ኣፍቅሪ

ገሊኦም ናይ ቆርበት መጻዕደዊ ውጽኢታት ኣብ ውሽጦም **ሜርኩሪ** ኣለዎም ንጥዕና ከኣ ጎዳእቲ እዮም። ንሳቶም **መርዛማት** እዮም። ሜርኩሪ ክርአ፣ ክድህሰስ፣ ክሽተት ወይ ክስተማቐር ኣይክእልን፣ እቲ ናይ ቆርበት ውጽኢት ናይ መቓምምቲ ዝርዝር ከኣ መብዛሕትኡ ግዜ ምሉእ ኣይኮነን።



### ንጥዕና ዝሕግዙ ምኽርታት

- ኣብ ናይ ቆርበት ውጽኢታትኪ ዘለዉ ነገራት ፍለጢ
- ንቖርበትኪ ብውሑስ መጋረዲ ጸሓይ ተኸላኸልሉ
- ንቖርበትኪ ጥሉልን እኹል ማይ ዘለዎን ገይርኪ ዓቅብዮ

### ነዞም ዝስዕቡ ሓልዊ

#### ህጻንኪ



ኣብ ተጥብውሉ እዋን፣ ህጻንኪ ዝኾነ ኣብ ቆርበትኪ ዘሎ ነገር ይወስድ።

#### ገዛእ ርእስኺ



ካብ ናይ ቆርበት ውጺታት ዝመጸ ሜርኩሪ ብመገዲ ቆርበትኪ ይምጾ።

#### ገዛኺ



ነዞም ውጽኢታት እዚኦም ምጥቃም ናብቲ ንስኽን ስድራቤትክን ትስተንፍስዎ ኣየር ሜርኩሪ ከምዝፍኖ ይገብር

# ብዙሓት ናይ መጻዕደዊ ቆርበት ውጽኢታት ሜርኩሪ ኣለዎም። ኣይትግዝኢ ወይ ኣይትጠቐሚ።

እዞ ምሉእ ዝርዝር ኣይኮነን። ብዙሓት ኣብ ሚኒሶታ ዝተመርመሩ ውጽኢታት ሜርኩሪ ከምኡ ድማ/ወይ ካልእ ቀማማት ነይሮም።
ንተወሰኽቲ ኣብነታት ናብ health.state.mn.us/topics/skin ብጽሑ




## ሕጂ ምጥቃሙ ኣቋርጺ



እንተድኣ ሜርኩሪ ዘለዎ ውጽኢት ክትጥቀሚ ጸኒሕኪ፣ ሕጂ ምጥቃሙ ደው ኣብሊ። ሰብነትኪ ምስ ግዜ ነቲ ሜርኩሪ ብባህርያዊ መገዲ ከውጽኦ እዩ።

ሜርኩሪ ንዝኽሪ፡ ምሕሳብ፡ ምቕልላብን ዓወት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንህጻናትን ቖቖልዑን ክጸሉ ይኽእል።



መጻዕደዊ ቆርበት ውጽኢታት ዝጥቀማ ሰባት ናይ ኩሊት ወይ ስርዓተ መትኒ ጸገማት ከጋጥመንን ቃንዛን ዕንፍሩርን ክወጽንን ይኽእል



## ኣበይ ከምትጉሕፍዮ ፍለ



ጎዳእቲ ናይ ቆርበት ውጽኢታት ናብ እንዳ ጎሓፍ ኣይትደርብዩ። ኣብቲ ከባቢ ንዘለዉ ካልእ ሰባት ክጎድእ ይኽእል እዩ።
ነቲ ጎዳኢ ናይ ቆርበት ውጽኢት ናብዚ ዝስዕብ ናይ መጉሓፊ መርበብ ሓበሬታ ውሰድዮ።
pca.state.mn.us

DEPARTMENT OF HEALTH
625 Robert St. North
PO Box 64975
St. Paul, MN 55164-0975
*ዚ ሓበሬታ'ኡ ብኻልእ ቅርጺ ንምርካቡ፡ ናብ 651-201-4899 ደውሉ። ዝተኸለሰሉ ዕለት 05/2018*